# **መጺሄት "ዕዮ" ናይ ሕዳር-ታሕሳስ 1977**

" **1ይ ክፋል"**

ነብስኻ ምኽኣል (ብወተሃደራዊ ይኹን ምጣነ ሃብታዊ) ንህ.ግ.ወሳኒ ግደ ስለ ዝነበረ ሰሪሑሉን ተዓዊቱሉን ። መትከል ነብስኻ ምኽኣል ካብ ተጸባይነት ዘናግፍ፣ ኣካላውን ኣእምራውን ጥዕና ዝህብ፡ ንጸላእቲ መስሎኺ ነቃዕ ዘይፈጥር ወዘተ...፡ ምኺኑ መጺሄት ዕዮ ትሕብር።

ሰናይ ንባብ!



## ትሕዝቶ


ገጽ

1. ርእሰ-ዓንቀጽ፡
ተዓሰምቲ ኣብነት ናይ [illegible]ይቲ፡ ........ 1

2. ውድብን ህዝብን ኣብ ቁጠባዊ ሜዳ፡ ........ 3
ሀ/ ብዑገን ደጆብ ኣብ ዓዲ ቀይሕ ኣብ ዘሎ ግንባር 3
ለ/ ብዑገን ደጆብ ኣብ ሰሓርቲ ኣብ ዘሎ ግንባር 4
ሐ/ ብዑገን ደጆብ ኣብ ኣከባቢ ዙሳን ባዓን.... 5

3. ሴሲ ጋስ ጠናፍር ከፍሲ ቁጠባን ስረሐተንን. .
ጨንፈር ኪደ ስረሐት ........ 6

4. ትምህርታዊ ዓምዲ
ሀ/ ፖለቲካዊ ቁጠባ ከም መእተዊ ፖለቲካዊ ቁጠባ
ንምርዳእ ካብ ዝሕግዙ ኣገደስቲ ኣምራት ...12
ለ/ ቁጠባዊ ገጽ ናይ ሓዱሽ መግዛእቲ
ብንግዱ ምልክዕ ዝፍጸም ምዝመዛ........19
ሐ/ ሓሙዱን ጥቕሙን ........ 25

5. ካብ ቁጠባዊ ታሪኽ ኤርትራ
ናይ ባጀዱ መንገዲ /ተለፈሪካ/ ኣብ ኤርትራ፡
1935 – 1943 ዓ.ም.ፈ. ........ 28

6. ቃለ መጠይቕ ........ 30

7. ቁጠባ ጠቀስ ዜናታት ........ 33

8. ሰሚዕኩሞ'ዶ! ........ 34

## ር እ ሰ  ዓ ን ቀ ጽ

### ተዓለምቲ ኣብነት ናይ ዓየይቲ

ውጽብና ናብ ዕዮ ዘለዋ ኣረኣእያን፡ ዕዮ ኣብ እነካይዶ
ቃልሲ ዘለዎ ግብራዊ ተራን ንጹሉ ብሩህ ኢዩ። ብንጹህ ደም
ሓፋሽ ተጋደልትን ህዝብን ዛጊት ሰራ ወጺኡ ዘሎ መሬት ንምሕ
ሳውን ንምዕልዓልን፡ ንቲ ተታሒዙ ዘሎ መሪር ህዝባዊ ቃልሲ
ንቕድሚት ንምድፋእን ምእንቲ ኸትክእል ውደብና ኣብ ዝተፈላለየ
ሜዳታት ርእሳ ንኸትክእል ናይ ግድን'ዩ። ነዚ ዕማም'ዚ ብግ
ብሪ ንምርግጋጽ ደማ ካብ ትምስረት ኣትሒዛ ዝተወደበን ዘተጠር
ነፈን ዕዮ ናይ ሓፋሽ ተጋደልቲ ኣብ ዝተፈላለየ ሜዳታት ብዝተ
ፈላለየ መልክዕ ናብ ግብሪ ከምዝውዕል ክትገብር ጸኒሓ ኣላ።
ሕጂ'ውን እንተኾነ ብዝለዓለ ደረጃ ናብ ግብሪ እናተተርጎመ
ኢዩ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ኩሉ ተጋዳላይ ከከምዓቕሙ ኣብ
ተቦሳዮ ዕዮ ዝሳተፍ ይኾን እምበር፡ ብፍላይ ሰደስቲ ተዓለምቲ
ኣብ ናይ ዕዮ ዘመተ ዘለዎም ተራን ዝፍጽምዎ ዘለዉ ዕማማትን
ብፍሉይ ዓይኒ ክሪኣን ከም ኣብነት ክጥቀስን ዝግባእ ኢዩ።

እቶም ግቡኦም ብትግሃት ብምፍጻምን ንኣከባቢኦም ጽቡቕ
ኣብነት ብምዃንን ዝጥቀሱ ዘለዉ ተዓለምትን ዓለምትን ኢዮም።
መብዛሕትኦም ብዝሒ ሰብ ዘሓትት ተሪር ናይ ጉልበት ስራሓት፡
ዋስ'ኪ ጠንፈር ህንጻ ብተክኒካዊ መንገዲ ቕርጠዮን ተመሓዱ
ሮን እምበር ብቶም ዘለዉ ውሑዳት ኣባላት'ውን ኣብ ናይ ጉል
በት ዕዮ ትሳተፍ ኢያ/ ብሳደስቲ ተዓለምቲ ከምዝፍጸም ንማንም
ብሩህ ኢዩ። ዝበዝሕ ካብ'ቲ ሰደስቲ ዝተሰርሑን ተበሳሸዩ
ዝተጸገነን ውሑዱ ይኹን እምበር ብሳይሳታት ዝተጸርገን ዝተ
ጸርገን ን፣ ተጸገነን'ውን ኣሎ/መንገድታትና ብጉልበት ተዓለምቲ
ዝተፈጸመ ኢዩ። መብዛሕትኡ ካብ'ቲ ብመካይን ዝራገፍን ናብ
መካይን ዝጽዓንን ትሕዝቶና'ውን ብዕዮ ተዓለምቲ ኢዩ ዝፍጸም።
ኣብያተ-ጽሕፈታት ናይ ክፍላ-ስራሓትን፡ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት
ዝህብ መኽዘናትን፡ ጋራጃትን ሆስፒታላትን ክሊኒካትን ኣብያተ-
ትምህርትን ገዛውቲ ዑቕባትን ካልእ ኣባይትን'ውን ብእንግዳዓ

ተዓሰምቲ ኢዩ ዘስራሕ። ብዙሕ ኣይኾን እምበር ሓደ ሓደ ስረሓት ናይ ሕርሻ ከም ጸህደይ ዘኣመሰለ'ውን ብኣታቶም ዝተኻየደ ኣይሰኣነን። ብዘይካ'ዚ'ውን ኣብ ፈቓደ ዓውደ-ውግእ እናኸዱ ምስ ሓፋሽ ህዝቢ እናተሓጋገዙ ውጉኣት ከልዕሉን መግብን ማይን ጥይትን ብቐራትነት ክቀባብሉን ካብ ጸላኢ ዝተሰልበ ንዋት ክኣክቡን ይርከቡ። እዚ ኢዩ ደማ እቲ ከም ኣብነት ዝጥቀስ ዘሎ ክቡር ዕዮኦም።

ዕዮ ሓደ ኻብ'ቲ መደባት ትምህርቲ ናይ ክፍሊ ታዕሶም ኢዩ። ብፖለቲካዊ መስመር ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣሚናም ብዕጥቂ ብረት ንኽጋደሉ ኩሎም ካብ ማእከል ሓረስቶትን ሸቃሎን መንእሰያት ተማሃሮን ካልኦት ማሕበራዊያን ጉጅለታትን ንዝመጹ መንእሰያት ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ብቑዓት ተጋደልቲ ክይናም ምእንቲ ክርከቡ ክፍሊ ታዕሶም ብወተሃደራዊን ፖለቲካዊን መንገዲ የዕጥቖም ጥራይ ዘይኮነ ብዕዮ'ውን ይሃንጾም ኢዩ። እዚ ንወተሃደራውን ፖለቲካዊን ትምህርቲ ምስ ዕዮ ኣዛሚዱካ ምሃብ ዝህቦ ዘሎ ፍረ ብግብሪ ተራእዩ ኣሎ።

ብተዓሰምቲ ዝካየዱ ዘሎ ስረሓት ነቶም ተዓሰምቲ ክነ ንውዳብን ንህዝብን ዝህቦ ጥቕሚ ብቐሊሉ ዝረአ ኣይኮነን። መጀመርታ ብዝተወደበን ዝተጠርነፈን ጸዑቕ ዕዮ ጌርካ ንዘሎ ሽግራት ናይ ውዳበ ንምፍታሕ ይከኣል። እቲ ዝተፈጸመ ስረሓት ንዘሎ ኣዋናዊ ዕማማት ንምፍጻም የኽእል ጥራይ ዘይኮነ ብድሕሪ ሕጂ ንዝውሰዱ ናይ ኣዕባለ ስረሓት'ውን ከም መበገሲ ኮይኑ ከገልግል ይኽእል። ብዓቢኡ'ውን ነቲ ኣብ ማእከል ተጋደልትን ሓፋሽ ህዝብን ክሰፍሕ ዘለዎ ወፈራዊ ስረሓት ዘተባብዕ ኢዩ።

ብዘይኻ'ዜ እቶም ሓደስቲ ተጋደልቲ ክልሰ-ሓሳባዊ ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነ ግብራዊ ትምህርቲ ንኽወስዱን ብዕዮ ንኽህነጹን ይኽእሉ። ኣብ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ክትዓትን ወተሃደራዊ ፈተነታትን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዕዮ'ውን ንንጹደሕደም ከምዝፈልጡ ይገብር። ናብ'ቲ ዝመጽእ ፖለቲካውን ቁጠባውን ወተሃደራውን ቃልሲ'ውን ብዝበለጸ ይቕርቦም።

እዚ ኹሉ ኣቕዲሙ ዝተጠቕሰ መሰረታዊ ዓወታት ክርከብ

ዝተኻእለ ካብዚን ዝጥቀሳ ቀንዲ ምኽንያታት ዝተሳዕለ ኮምዘኾነ ምጥቃስ ኣድላዩ ኢዩ። እቲ ብቐዳማይ ደረጃ ዝረኣ እቲ ብብቑዕ መሪሕ ሰውራና ውድብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝተሓንጸጸ ቅኑዕ ፖለቲካዊ መስመርን ዝተወሃሃደ መደብ ናይ ቃልስን ኢዩ። ብተወሳኺ እቶም ንዝተዋህበም መምርሒ ናብ ግብሪ ንምትርጓም ብቶገዳስነትን ውሕልነትን ዝንቀሳቐሱ ዘለዉ ኣባላት ከፍሊ ታዕሊም ክጥቀሱ ይግባእ። ከምኡ'ውን ትግሃትን ተወፋይነትን ናይ ሓፋሽ ተዓለምቲ ንሓፋሾት ተጋደልትን ህዝብን ሰውራዊ ኣብነት ኢዩ።

ኣብ መደምደምታ ዕዮ ከተዘኻኽሮ እትደሊ እንተዱኣ ኣልዩ፡ ከም'ዚ ዝስዕብ ኢዩ። ሓፋሽ ተጋደልቲ ብብዘለዎ ከይናም ኣሰር ተዓለምቲ ብምኽታል ኣብ ርእሲ'ቲ ልሙድ ተግባራቶም ኣብ ኣከባቢ እቶም ንዝሕተት ናይ ውድብ ይኹን ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ስረሓት፡ ናይ ዕዮ ዘመተ ብምግባር ብወፈራዊ መልክዕ ኣብ ዕዮ ንኽሳተፉ ተዘኻኽሩ። ብተወሳኺ ተዓለምቲ ኣብ ርእሲ'ቲ ..ቁጻሲ ዝኾነ ብጠንፈር ህንጻ ዝዕደም ወፈራዊ ስረሓት፡ ኣብ'ቲ ብቐዳማይ ደረጃ ክረኣ ዝግበኣ ናይ ሕርሻ ስረሓት ካብ'ዚ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ዘሎ ደረጃ ተሳታፍነት ብዝለዓለን ብዝጸዓቐን ደረጃ ክሳተፉ ዝኽእሉ መንገዲ ንኽግበር ንዝግዱሶም ኣካላት ትሳበ።

## ውድብን ህዝብን ኣብ ቁጠባዊ ሜዳ

ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ምስ መሪሕ ውድብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ንዘለዎ መትከላዊ ዝምዱና ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናኣደልደሉ ይኸይዱ ኣሎ። ብብዝብኡ ዝግበር ዘሎ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ቁጠባውን ፖለቲካውን ምንቅስቓሳት ንዓወትና ዘተኣማምን ኣብ ርእሲ ምዃኑ ንውዲታት ኣዱሓርሓርትን ንጸቕጥታት ዓመጽትን'ውን ብግብሪ ዘማህምን ኢዩ። ነጸብራቕ ናይ'ቲ ውድብን ህዝብን ኣብ ቁጠባዊ ሜዳ ዘካይዱዎ ዘለዉ ቃልሲ ንምርኣይ ክኣ እዚ ዝኽተል ኣብነታት ክጥቀስ ይከኣል።

ሀ/ ብወገን ደቡብ ኣብ ዓዲ—ቀይሕ ኣብ ዘሎ ግንባር፡— ንወራር ፋሺስታዊ ሰራዊት ደርግ ንምዕጋትን ንምፍሻልን ጥራይ ዘይኮነ፡ ንመሬ ዘዱሲ ናይ መጥቃዕቲ መደባት ኣውጺኣካ ንጸላኢ ንምንምሻሽን ንመሬትን ህዝብን ኤርትራ ደማ ሓራ ንምውጻእ ዝተዓጥቀ ህዝባዊ ሰውራዊ

ሰራዊትና ኣብ ብዙሕ ግንባራት መኪቱ ብቐራጽነት ከቃልስን ድርብ ዓወታት ክጭብጥን ይርከብ:: ሓደ ካብ'ቲ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ መኪቱ ዘቃለሰሉ ዘሎ ግንባራት ከኣ ብወገን ደቡብ... ኣከባቢ ዓዲ—ቐይሕ ኢዩ:: ኣብ'ዚ ግንባር'ዚ ሓፋሽ ህዝብን ተጋደልትን ብሰውራዊ መንፈስ ተኣሳሲሮም ዘሰሳስልዎ ዘለዉ ዕማማት ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ቀጠባዊን ኢዮም::

ቁጽርም ብርክት ዘበለ ኣባላት ህዝባዊ ሚሊሽያ ኣብ ርእሲ እቲ ዘፍጽምዎ ዘለዉ ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ዕማማት ቁጠባዊ ቃልሲ'ውን እናኣካየዱ ኢዮም:: ኣብ'ቲ ኣከባቢ ኣብ ዘለዋ ቁሸታት ፉሉ እናበሉ ምስ ሓረስቶት /ብፍላይ ምስቶም ድኻታት ሓረስቶት/ እናተሓጋገዙ ዝኣኽሉ ዘራእቲ ከዓጽዱን: ኣብ ዓውዲ ክኺዱን ዝተኣከበ ምህርቲ ንዓዲ ከእትዉን ከምኡ ዝኣመሰለ ካልእ ኣገዳሲ ማእቶታዊ ተግባራት ክፍጽሙን ይረኣዩ:: እዚ ተግባር'ዚ ነቶም ካብ ካልእ ቦታታት ዝመጹ ኣባላት ህዝባዊ ሚልሻያ ምስ'ቲ ኣብ'ቲ ኣከባቢ ዘሎ ህዝቢ ኣብ ቃልሲ ክሰለፉን ናይ ቃልሲ መትከላዊ ዝምድና ክምስርቱን ኣኽኢልዎም ይርከብ:: ብዘይካ'ዚ እቲ ህዝቢ ብዝለዓለ ደረጃ ንቀጻሊ ቃልሲ ክበራብርን ምስ ውድብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዘለዎ መትከላዊ ዝምድና ብዝለዓለ ደረጃ ንክኸውንን ኪኢሉ ኣሎ::

እቲ ካብ ኩሉ ዘገድስ ከኣ ዝተሓዓሸ ኣጉዳበት ናይ ዕዮ በቶም ኣባላት ህዝባዊ ሚሊሽያ ኣቢሉ ናብቶም ህዝቢ ከመሓላለፍ ምኽኣሉ ኢዩ:: ገለ ካብ'ቲ ሓዱሽ ኣገባባት ዘመሓላልፍዎ እዚ ዝስዕብ ንምጥቃስ ይከኣል:: ኣቐዲሙ ኣብ መንጎ'ቲ ህዝቢ ዝተዓጸደ ንዳእ'ቲ ኣብ ቅሚጦ ንምትምማር: ካብ ቅሚጦ ናብ ዓውዲ ንምውባዱ: ነቲ ሓሰር'ውን ካብ ዓውዲ ንዓዲ ንምእታው ብእንግዳዓ ደቂ ኣንስትዮ ኢዩ ክፍጸም ዝጸንሐ:: እዚ ኣገባብ'ዚ ንጥዕን ደቂ ኣንስትዮ ተጻራሪ ኣብ ርእሲ'ምንባሩ: እቲ ስራሕ'ውን ስሉጥ ኣይነበረን:: እቲ ሕጂ ብኣባላት ህዝባዊ ሚሊሽያ ክምሓዱሽ ዝሓሸ ኣገባብ ናብቶም ህዝቢ ተመሓሊፉ ዘሎ ዝፍጸም ዘሰለጠን ኣገባብ ሓሸ ኣገባብ ግን ብሓይሊ መጻዓኛታት ኢዩ::

ሰ/ብወገን ደቡብ ኣብ ሰሓርቲ ኣብ ዘሎ ግንባር:— ከም'ቲ ኣቐዲሙ ብዝተፈላለየ መንገድታት ዝተገልጸ ኣብ'ዚ ግንባር'ዚ

እዉን ተጋደልቲ ምስ ህዝቢ ብምትሕብባር ብዙሕ ስረሓት የሳልጡ ኣለዉ፡፡ ኣብ መዛግብ ክይናም ንጸለኢ ይከታተሉን ይድርዕሙን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ'ቲ ኣከባቢ ንዘሎ ዘኣኽለ ዘራእቲ'ውን ዓጺዶም ብሰሶም ክምዝእከብ ገይሮም ኣለዉ፡፡

ሓፋሽ ህዝቢ ኣብ ርእሲ'ቲ ከም ልሙድ ስራሕ መጠን ዘካይዶ ዘሎ ናይ ማይን ዕንጸይትን ምቅራብን መግቢ ምድሳውን ካልእ ንቀት ምግዕዓዝን ስርሑ፡ ንህዝብን ሰውራን ዘገልግሉ ግምቶ ንዉሕ ዘበለ መንገዲታት ጸሪጉ ንኣገልግሎት ቅሩባት ክምዝኾኑ ገይሩ ኣሉ፡፡ ዝርዝር መግለጺ ኣብ ቁጠባ—ጠቀስ—ዜና ዝብል ዓምዲ ረአ /

ሐ / ብወገን ደቡብ ኣብ ከባቢ ዙሳን ባዳን፡— ንመሰረታዊ ሽግራት ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ንምቅሳልን ምፍታሕን ዝተዓጥቀት ውደብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ሽግር ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ኣብ ዝረኣየትሉ ግዜ ገጸ መሲሓ ኣይትፈልጥን፡፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ዙሳን ከባቢኡን ግምቱ ስፍሕ ዘበለ መሬት ንሕርሻ ተዓልዩ፡ ማይ'ውን ሰትዩ'ሉ እንተነበሩ ህዝቢ ዙሱን ከባቢኡን ዘርኢ ብምስኣን ተሸጊሩ ክምዝነበረ ዝዝከር ኢዩ፡፡ ብዘይካ'ዚ እዉን ኣብ ኣከባቢ ዙሳ ጤሰ—በጊዕን ከብትን ብምኹሳይ ዝነበሩ ጊበት እኽሊ ስኢኖም ጥምየት ክሳቕዩን ክምዝጀመረ ዝዝከር ኢዩ፡፡

ነዚ ኣቓዲሙ ዝተጠቕሰ መሰረታዊ ሽግር ናይ ዘርእን ጥምየትን ንምቅሳል፡ ውደብና ከምቲ ልማዳ ቆራጽ ስጉምቲ ብምውሳድ 200 ኩንታል ዕፈን ካብ ስንቂ ተጋደልቲ ብምውሳድ በቲ እቲ ሓፋሽ ህዝቢ ክዕደግ ዝኽእል ዝተሓተ ዋጋ ነቶም ከምዚ ዝዓይነቶም ሓገዝ ዘድልዮም ጉጅለታት ክምዝዕደል ገይራ ኣላ፡፡ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ኣብ ዙሳን ከባቢኡን ቀሳ ብሸሩር ዋጋ ዝዕደግ ንጣር ዕፈን'ውን ኣይነበረን፡፡

ኣብ ባዳን ከባቢኡን'ውን ከም'ቲ ኣቓዲሙ ዝተጠቕሰ ናይ ዘርኢ ሕጽረትን ናይ ጥምየት ሽግርን ተረኺቡ ስለ ዝነበረ እዋ ነቲ ሽግር ስቕ ኢልካ ምርኣዩ እቲ ሽግር ክምዝተዓጻጸፍ ምግባሩ ስለዝኾነ፡ ንሽግር ናይ ህዝቢ ብሕልፊ'ኳ ናይ'ቲ ውጹዕ ወገን/ ብምቅሳል ካብ ስንቂ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ክሳብ 370 ኩንታል ክምዝዕደል መሸላ ብሕሳብ $55 ቅርሺ ኢትዮጵያ ንሓደ ኩንታል

ተገይሩ ኣሎ:: ኣብ'ቲ እዋን'ቲ መሸሰ ዝበሃል ኣብ ባዓን ከባቢኡን ኣብ ርእሲ ዘይምንባሩ እቲ ዝነበረ'ውን ብሕሳብ $120 ቅ.ኢ. ንሓደ ኩንታል'ዩ ዝሸየጥ ዝነበረ::

እዚ ኩሉ ተግባራት እቲ ውጹዕ ህዝቢ ንምሕጋዝ ብባህሉ ኢዩ ዝተገብረ:: ናይ ዘርእን ጥምየትን ሕቶ ብምንባሩ: እቲ ሸግር ሕጂ እንተዘይተቓሊሉ ንዓመታት ተደራሪቡ ዝመጽእ ብምዃኑ: እቲ ዝውጻዕ ወገን'ውን እቲ ተጋዓሳይ ዝስዋኣሉ ዘሎ ታሕተዋይ ደርቢ ካብምዃኑ በቲ ዘለዎ ትሕዝቶ ንኽተቓልሶ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝግብአ ጻዕሪ ገይሩ ኢዩ:: ኣብ ውሽጢ ሓፋሽ ዘትረፈሉ ተቐባልነትን ተኣማንነትን'ውን ጭቡጥ ኢዩ::

## ሴሰ ምስ ጨናፍር ከ/ቀጠባን ስረሐተን

### ጨንፈር ኢደ—ስርሓት

ታሪኻዊ ኣማዓባብላኣ:— ጨንፈር ኢደ—ስራሓት ሓንቲ ካብተን ዝዓበያን ኣዝየን ዘገድሳን ጨናፍር ክፍሊ ቁጠባ ኢያ:: ውሽጣዊ ትሕዝቶኣን ናይ ስራሕ ዓቕማን ዕማማታን ደማ ምስ ምዕባለ ሰውራና እናተዛመደ ዝኸይድ ኢዩ:: ኣብ መጀመርታ ውሑዳት ሰባት ምስ ዘይማዕበለ ውሑድ መሳርሒኦምን ውሱን ክእለቶምን ምስ ሓይልታት እናተንቀሳቐሱ: ሓይልታት ኣብ ዘዕርፍሉ እዋናት'ውን ኣጻምም ናይ ዓዳይ ወይ ጨዓ ጽላል ብምሓዝ ንዝተሰብረ ብረትን ሰዓትን ረድዮን ኣብ ምጽጋን ነበሩ:: ምስ ምዕባለ ሰውራና ግን ካብ ተንቃሳቓሲ ናብ ቀዋምን ሓውሲ—ተንቀሳቓስን: ካብ ብረትን ሰዓትን ረድዮን ምጽጋን ጥራይ ናብ ዘዱሲ በብዓይነቱ ቅያር ኣቕሑ ምስራሕ: ካብ ወሰን ክእለት ናብ በብዓይነቱን ዓቕኑ ዘተማሓየሸን ናይ ስራሕ ክእለትን ተመኩሮን ካብ ውሑድ ዘይማዕበለ መሳርሒ ናብ በብዓይነቱ ዘመናውን ጽንኩርን መሳርሒ: ካብ ብውሑዳት ሰባት ዝፍጸም ስረሓት ናብ ብኣማኢታት ተጋደልቲ ዝፍጸም ጽንኩርን ሰፊሕን ስራሕ: ካብ ንውዳብ ጥራይ ምግልጋል ናብ ንው

ዱብን ህዝብን ምግልጋል...ወዘተ፡ መደረኽ ተሰጋጊራ ትርከብ፡፡ እዚ ሰንሰለታዊ ምዕባለ'ዚ ተሓኒቑ ጠጠዉ ዝበል ዘይኮነ ምስ ምዕ ቤስ ሰውራና መጎታዊ ምዕባሌኡ ዝቕጽል ከምዝኾነ ታሪኻዊ ሓቂ ኢዩ፡

ጠንፈር ኢደ—ስርሓት ዋሳ'ኢ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ስርሓታ ብዝበለጸ ንምስላጥ ተበጊሑ ዘሎዉ ኪኢላታትን መሳርሕን ጥረ—ነገርን ብምጥር ናፍ ዓርጋ 70 %. ናይ ስርሓ ኣብ ባሕል ጸዒቑ ይካየዱ እንተሃለወ ኣብ ካልእ ዞባታት'ውን ብዘለዋ ዓቕሚ ክትንቀሳቐስ ትርከብ፡፡ ነቲ ብብዝብኡ ዘሎ ናይ ስራሕ ጠለባት ንምርካእ ንዘለዋ መሳርሕን ናይ ሰብ ክእለትን ጥረ—ነገርን ናብ ግምት ብምእታው ኣብ ባሕልን ደቡብን ሰሜንን ሰንሒትን ተደላዪ ስርሓታ ብምክያድ ንውዱብን ንህዝብን ዘድሊ ኣገልግሎት ክተበርክት ትርከብ፡፡

ዕማማታ ብግቡእ ንምፍጻም ከኣ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ብ9 ኣካላትን /ጽርበትሓጺን፡ ጽገና ብረት፡ ጽርበት ዕንጸይቲ፡ ምዕራይ ረዱዮን ሰዓትን, ስፌት ቆርበትን ጀርባታትን፡ ስፌት ክዳን፡ ሓይሊ ኤሌትሪክ፡ ኣገልግሎት ቴሌፎን፡ ትምህርትን መጽናዕትን / ካልኦት ንኡሳን ኣካላትን ቆይማ ንስራሕ ተበጊሳ ትርከብ፡፡

ቀንዲ ዕማማታ፡—

— ውዱብና ትኹን ሓፋሽ ህዝቢ ዝጥቀመሉ በብዓይነቱ ቀያራት ኣቕሑትን ሰሪሕካ ምቕራብን ዓዲ—ንዝወዓለ መሳርሒ ናይ ማእቶት ይኹን ናይ ውግእ / ኣገልግሎት ከምዝህብ ምግባርን ፡፡

— ውዱብና ትኹን ሓፋሽ ህዝቢ ኣብ ማእቶት ይኹን ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ ዝጥቀመሉ በብዓይነቱ ኣቕሑትን መሳርሒታትን ምምሕያሽን ብብዝሒ እናሰራሕካ ምቕራብን፡፡

— ውዱብን ህዝብን ዝጥቀመሉ ካብ ዓለባን ቆርበትን ጀርባታትን ዝተሰርሑ በብዓይነቱ ኣቕሑት ብዝተማሓየኸ ኣገባብ ሰፊኻ ወይ ሰሪሕካ ምቕራብ፡፡

— ንውዱብ ይኹን ህዝቢ ዘድሊ ዘሎ ናይ ኤሌትሪክን ቴሌፎንን ኣገልግሎታት ምሃብ ከም ዓቕሚ ውዱብ /፡፡

— ውዱብና ትኹን ሓፋሽ ህዝቢ ዝጥቀመሉ ወይ ክጥቀመሉ ዝኽእል በብዓይነቱ መሳርሒታት ንምምሕያሽ ወይ ሓዱሽ ሰሪሕካ ንምቕራብ

ምእንቲ ከከኣል ዘድሊ መጽናዕቲታትን ፈተነታትን ምህዞታትን ምግባርን ከምኡ'ውን ናይ ሓፋሽ ተጋደልቲን ህዝብን ናይ ስራሕ ክእለትን ፍልጠትን ክብ ንምብል ዘድሊ ናይ ስነ-ኪነታዊ ትምህርቲ መደብ ምውጻእን፡- ንትምህርቲ ዘድሊ መሳርሒ ምቕራብን፡ ትምህርቲ ምሃብን ኢዩ።

ኣብ ስራሕ ዘጋጥማ ሽግራትን ንዕኡ ንምፍታሕ እተኻይደ ቓልስን፡-

ጠንፈር ኢደ-ስራሓት ካብ ውጹዓን ህዝብን ዝመጸ ጠለባት ናይ ስራሕ ከም ዓቕሚ ምቕሳል እንተዘይከይኑ ነቲ በብግዚኡ ዝመጸ በብዓይነቱ ጠለባት ዝግባእ መልሲ ሂባትሉ ወይ ብሙሉኡ ኣርውያቶ ኣይትፈልጥን። ምኽንያቱ ድማ ነቲ ብዓይነቱን ዓቕኑን ብርኩት ዝኾነ በብዓይነቱ ጠለባት ብግቡእ ንምርካእ ዘድልያ ነገራት ተማሊኡ ስለ ዘይፈልጥ ኢዩ። እቲ ዘድሊ ኣገልግሎት ብምልኡ ንኸይተዉፊ ዝዓናቕፉ ስለስተ ዓበይቲ ነገራት በብሓደ ምርኣይ የድሊ።

1. ክእለትን ጉልበትን ሰብ፡-

ከምናይ ኢደ-ስረሓት ዝኣመሰለ ስረሓት ንኸሳለጥ፡ እቲ ቀዳማይ ረቛሒ ናይ ሰብ ሕቶ ኢዩ። ብቐዳማይ ደረጃ ነቲ ዝተፈላለየ ዓይነት ስረሓት ዘሳልጡን ዘካይዱን ብቑዕ ፍልጠትን ጥበብ ናይ ስራሕን ተሙኩሮን ዘለዎም ሰባት ብብዝሒ የድልዩ። ብተወሳኺ ነቲ ዝሕተት ናይ ጉልበት ስራሕ ብግቡእ ዘሰላስሉ ሰባት የድልዩ። ናይዚእቶም ብሕልፊ'ኳ እቲ ናይ ክኢላታት ሕቶ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ሰውራ ኮንካ ከምቲ ዝድለ ንምፍታሕ ዘይክኣል ኢዩ። ከምኡ ከንዲ ዝኾነ ድማ ናይ ኪኢላታት ሕቶ ኣብ ውሽጢ ኢደ-ስረሓት መሰረታዊ ሕቶ ኢዩ።

ምናልባት ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ቁጽሪ'ም ብርኩት ዝበሉ በብዓይነቱ ክእለት ዘለዎም ሓደስቲ ተጋደልቲ ይመጹ ስለዘለዉ፡ እቲ ሕቶ ናይ ኪኢላታት ከም'ቲ ቅድሚ ቁሩብ ኣዋርሕ ገኒኑ ዝነበረ ኣይረኣን ይኸውን። ብኻልእ ጠንቅታት'ውን ብፍላይ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ጠንፈር ኢደ-ስራሓት ነቶም ዘለዉዋ ኪኢላታት ከምቲ ግቡእ ማለት ከምቲ ናይ ስራሕ ዓቕሞም / ኣይትጥቀመሎምን ትህሉ ትኸውን። ከም እዚ ከበሃል እንከሎ ግን እቲ ሕቶ ኣብ ውሽጢ ጠንፈር ኢደ-ስረሓት ዘሎ ናይ ኪኢላታት ትሕዝቶ ነቲ ብፀገን ውጹዓን ህዝብን ዝመ

ጽኡ ዘሎ ጠለባት ብምልኡ ንምርካእ ዘኽእል ኢዩ ማለት ኣይኮነን፡፡

ነዚ መሰረታዊ ሽግር'ዚ ንምፍታሕ ጨንፈር ኢደ—ስረሓት ብሰለስተ ወገን ትቃለስ፡፡ እቲ ነዚ ዘሎ ጉዙፍ ሽግራት ንምፍታሕ ወይ ንምቅላል ናይ ኣቋራጭ ህጹጽ መድሃኒት ኮይኑ ተረኺቡ ዘሎ፡ ሕሉፍ ፍልጠትን ተመኩሮን ዘለዎም ሓደስቲ ኣባላት ናብ'ቲ ጨንፈር ምምዓብ ኢዩ፡፡

ብዘይካ'ቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ህጹጽ መድሃኒት፡ ጨንፈር ኢደ—ስረሓት ትኽተሎ ዘላ ኣገባብ ነቶም ዘለዉ ኣባላት ብዝተኻእለ መጠን ክእለቶም ፍልጠቶም ብኽልሰ ሓሳባውን ግብራውን ትምህርቲ ክብ ምባል ኢዩ፡፡ ብዚ ኣገባብ'ዚ እቶም ዘለዉ ኣባላት ኣብ ቀጻሊ ቃልሲ ናይ ስራሕ ፍልጠትን ተመክሮን ይድልቡ፡ ነዚ መወሃሃዲ'ውን በቶም ኣብ ውሽጡ ጨንፈር ኢደ—ስረሓት ዘለዉ ውሑዳት ፈለጣት ሓሓሉፉ ክልሰ—ሓሳባዊ መግለጺታትን ኣስተምህሮታትን ይወሃብ ኢዩ፡፡ ብሓፈሻኡ ክረአ እንከሎ እዚ ኣገባብ'ዚ ዝህቦ ውጽኢት ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ገኒኑ ዝርከብ ዋሕዲ ናይ ኪኢላታት ስሩጥን ፍቱንን መድሃኒት ኮይኑ ኣይተረኽበን፡፡ ነቲ መሰረታዊ ሕቶ ናይ ኪኢላታት'ውን ግቡእ ምላሽ ዝህብ ኣይኮነን፡፡

እቲ ባልባይን መሰረታዊን ፍታሕ እዚ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋናት ተጀሚሩ ዘሎ ኣገባብ ኢዩ፡፡ እዚ ኣገባብ'ዚ ዋላ'ኳ ነዚ ሕጂ ዘሎ ሽግራት ህጹጽ መልሲ ዝህብ እንተዘይኮነ ነቲ መሰረታዊ ሕቶ ናይ ኪኢላታት ብግቡእ ንኽምልሽ ዝሓሸ መንገዲ ሒዙ ዘሎ ኢዩ፡፡ ንሱ ድማ ናይ ስነ—ኪነታዊ ትምህርቲ መደብ ብግቡእ ዘውጽእን፡ ስነ—ኪነታዊ ትምህርቲ ንምሃብ ዘድሊ መሳርሒ ዘቕርብን፡ ንክልሰ—ሓሳብን ግብርን ብግቡእ ኣዘሚዱ፡ ነቶም ትምህርቲ ክወስዱ ዝኽእሉ ጉጅለታት/ሓደስቲ መንእሰያት ደቂ—ተባዕትዮን ደቂ—ኣንስትዮን፡ ነቶም ከምዚ ዝዓይነቱ ትምህርቲ ዘድልዮም ነባራት ኣባላትን / ትምህርቲ ብግቡእ ዝህብን ዝከታተልን ኢዩ፡፡ ነዚ ተግባር'ዚ ናብ ግብሪ ዘውዕል ሓደ ናይ ትምህርትን መጽናዕትን ኣካል ኣብ ውሽጢ ጨንፈር ኢደ—ስረሓት ቆይሙ በቲ ዘለዎ ዓቕሚ ንስራሕ ተበጊሱ ይርከብ፡፡

2. መሳርሒ፡—

ዝተፈላለዩ ስረሓት ናይ ጨንፈር ኢደ—ስረሓት ብግቡእ ንምክያድ እቲ ነቲ ስራሕ ንምክንዋን ኣድላዪ ዝኾነ መሳርሒ ከም ዓይነቱን

ብዝሑን ንኽቕርብ ናይ ግዱን ኢዩ። እንተዘይኮነ ግን ቀሳ ዘኣኸሉ ኪኢላታትን ጥረ-ነገርን እንተሃለዉ'ውን ነቲ ስራሕ ንምክያድ ዘይከኣል'ዩ። ናይ መሰርሒ ሕቶ ኣብ ታሪኽ ጨንፈር ኢደ-ስረሓት መሰረታዊ ኢዩ፣ ኣብ ዝመጸ መድረኽ ምዕባሌ'ውን መሰረታዊ ምኳኑ ፈጺሙ ዘይተርፍ'ዩ።

ነዚ ሽግር'ዚ ንምፍታሕ ጨንፈር ኢደ-ስረሓት ኣተካይዳ ቃልሲ ብቐሊሉ ዝረአ ኣይኮነን። እቲ ሽግር ብምሉኡ ተፈቲሑ ንምባል ዘይኮነ፣ እቲ ሽግር ክሳብ ሕጂ ዘድሊ መሰርሒ ካብ ጸላኢ ብምምንዛዕን፣ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻርና ካብ ዝወደቓ መዓስከራት ናይ ጸላኢ ብምእካብን ክቃለል ጸኒሑ ኢዩ። ብዘይካ'ዚ'ውን ጨንፈር ኢደ-ስረሓት ሓይሊ ብብዓይነቱ ቅያር ኢቕሑት ኣብ ምስራሕ ኣዘንቢሉ ብምጽናሓን ብምህሳቓን፣ ነቲ ዝተረኽበ ብብዓይነቱ መሳሪሒታት ዓ.ዓ. ክምዘይውዕል ወይ ደማ ንዝነውሐ ግዜ ክምዘገልግል ክትገብር ኪኢላ ኣላ። እዚ ኣገባብ'ዚ ግን ነቲ ቀጻሊ ዱሌት ናይ መሰርሒ ዘርክብ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ደማ ምዕባለ ሰውራና ሓዱሽ ዕማማት ስለዘምጽእ'ዋ ነዚ ዕማም'ዚ ንምፍጻም እተን ዛጊት ምስ ጨንፈር ኢደ-ስረሓት ዘለዋ መሳሪሒታት ብዓይነተን ይኹን ብዓቕነን ብቑዓት ኮይነን ስለዘይርከባ ኢየን። ብተወሳኺ እተን ዘለዋ መሳሪሒታት ኣብ ስራሕ ክምዝወዓላ መጠን እናኣረጋ ስለ ዝኸዳ ኣገልግሎት ናይ ምሃብ ክእለተን ወይ ዓቕመን እናማህመነ ኢዩ ዝኸይዱ።

ናይ መሰርሒ ሕቶ ሕልፍ-ሕልፍ ኢሉ ብኣብ ወጻኢ ዘለዋ ኣባላት ናይ ሰፋሽ ውዱባት ይቃለል ኢዩ። ይኹን እምበር በዚ ኣገባብ'ዚ'ውን እንተኾነ ነቲ ቀጻሊ ዝኾነ ዱሌት ናይ መሰርሒ ብምሉኡ ንምርካብ ስለ ዘይከኣል ካልእ መንገዲ /ተወሳኺ/ ሃሰስ ምባል ናይ ግዱን ኮይኑ ይርከብ።

## 3. ጥረ ነገር፡-

ዓበይቲ ኢንዱስትሪታት ይኹን ንኣሽቱ ኣብያተ ዕዮታት ንምክያድ ካብ ዘድልዩ መሰረታውያን ነገራት፣ ዘድሊ ጥረ-ነገር ዓይነቱን ብዝሑን ምቕራብ ኢዩ። እዋ ንኢደ-ስራሓት ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዕንጸይቲ፣ ብብዓይነቱ ሓጻውን፣ ኣሉሚንየም፣ ዚንን፣ ሳሜራ፣ ዓለባታት፣ ጀርባታት፣ ቆርበት ... ወዘተ / ሃሳኺ

ኣቕሑትን ኣብ'ዚ ዘለና ውሽጣዊ ማእቶት ዝተኻወሰሉ፡ ዕዳጋታት ፈሕ—ብትን ዘበለሉ፡ ዋጋታት ሰማይ ዘበጽሐሉ፡ ምንቅስቓስ ዝተሓለኸሉ፡ ምስ ወጻኢ ዘሎ ንግዲ ዝተቐናደሉ...ወዘተ፡ ናይ ቃልሲ ጸንኩር ኩነታት፡ ንምርካብምን ንምቕራብምን ከሰብ ከንደይ ሸገር ከምዝኸነ፡ ኣብ ማእከል'ቲ ጥረ—ነገርን ሃለኽቲ ኣቕሑትን ንምርካብ ዝኾየደ ዘሎ ቃልሲ ኣትዩ ብቐጥታ ዝሳተፍ ዘሎ ሰብ ጥራይ ኢዩ ብልክዕ ማለት ከም'ቲ ጥጡጥነቱ ክርዳእን ክነንዘበን ዝኽእል፡፡

ቅድሚ ሕጂ ኣቢሉ ኢደ—ስረሓት ጥረ—ነገር ናይ ምእካብ ዘመታትን ወፈራታትን እናገበሩ፡ ካብ ኣብ ኢዶና ዘወደቓ ጸላኢ ሒዝዎን ዝነበረ መዓስከራትን ከተማታትን ከአከቡን ከጥቅሙን ጸኒሖም ኢዮም፡፡ እዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ'ዚ ዘለና ኩነታት ኣጸጋቢ ውጽኢት ክህብ ኣይክእልን ዩ፡፡ ምኽንያቱ ድማ ኣብ ኢድ ጸላኢ ተሪፈን ዘለዋ ከተማታት ብዘይ መጠን ውሑዳት ብምዃነን ኢዩ፡፡

ብፍላይ ኣብ'ዚ ዘለና ግዜ ብሰንኪ ሕጽረት ጥረ—ነገራትን ሃሳኺ ኣቕሑትን ዋላ በቲ ዘሎ መስርሕን ዘለዉ ኪኢላታትን ብፍታሕ ዝኽእል ዝነበረ ብብዓይነቱ ሸግራት ናይ ውድብን ህዝብን ክፍታሕ ኣይተኻእለን፡፡ መሰረታዊ ፍታሕ ናይ'ዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝፈስስ ማእቶት ምስፍሕን ምድልዳልን፡ ምስ ወጻኢ ከህልወና ዝኽእል ንግዲ ኣመዓራሪኻ ምድፍኣን፡ ካብ ፈተውቲ ዝመጽእ ሓገዝ ነዚ ሸገር እዚ ኣጠቓሊሉ ዝፈትሖ ከምዝኸውን ምግባርን'ዩ፡፡

ዝተፈጸመ ስረሓት፡—

ኣብ ውሽጢ'ዚ ንውሕ ዘበለ ዕድሚኣ፡ ጨንፈር ኢደ—ስረሓት ዘበርከተቶ ስረሓት ቀሊል ኣይኮነን፡፡ ንዝኾነ ይኹን መንገዲ ዝሰበረ ዐዩ ካብ ስራሕ ዘሰናኸል ብረት፡ ካብ ጸላኢ ዝሰለብ ዝተሰብረ ብፈኮስ ይኹን ከቢድ ብረት ዝድሊ ቅያራት ጸሪባ እናቕረበት፡ ምልሓም ዝድሊ ኣውን እናጸገነት ዓዲ—ከምዘይውዕልን ተመሊሱ ንኣገልግሎት ቅሩብ ከምዝኸውንን ክትገብር ኪኢላ ኣላ፡፡

ብዘይካ'ቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ መሰረታዊ ነገር ብብዓይነቱ ቅያራት ንመካይንን ትራክተራትን ጠሓንቲ መካይንን ሰፋይቲ መካይንን ንኻልኦ ንኣሽቱን ዓበይትን መሳሪሒታትን ጸሪባ ትቕርብ፡፡

ንብረት ውድብ ዝኾነ፡ ንውድብ ኣገልግሎት ዝህብ ብብዓይነቱን

ሰዓታትን ፈደዮታትን ቴፕ—ሪኮርደራትን'ውን ብግቡእ እናዐረየትን እናጸገነትን ኣገልግሎት ዝህባ ከትገብር ትርከብ።

ብገዛይካ'ዚ'ውን ካብ ዕንጸይትን ሰሜራን ዚንጎን ሓጺንን.. ወዘተ፡ ዝተሰርሑ በብዓይነቶም ናይ ቤት ጽጠፈትን ገዛ፡ ማሕረስን መሳሪሒታት ትሰርሕ። ከምኡ'ውን ካብ ዓሰባን ቆርበትን ጀርባታትን ዝተሰርሑ በብዓይነቶም ኣቕሑት እናሰፈየት ንዉድብን ህዝብን ከተቕርብ ትርከብ።

ካልእ ንምጥቃሱ ግዜን ቦታን ዝሓትት ስረሓት'ውን ተከናዉን ኢያ። እዚ ኹሉ ዝተባህለ ስረሓት ግን በቲ ኣቐዲሙ ተዘርዚሩ ዘሎ ሕጽረት ናይ ጥረ ነገራትን መሳርሕን ኪኢላታትን ዝተቐየደ ምዃኑ ንኹሉ ከበርህ ይግባእ። ብዛዕባ ዝርዝር ናይ'ቲ ብጨን ፈር ኢደ—ስረሓት ዝተፈጸመ ስረሓት ግን ኣብ ዝቕጽል ቁጽሪ ዕዮ በብኣካሉ ዝተፈጸመ ስረሓት በብተራ ከቕርብ ምዃኑ ዕዮ ተበስር።

## ትምህርታዊ ዓምዲ

### ፖለቲካዊ ቁጠባ ከም መእተዊ

### ፖለቲካዊ ቁጠባ ብመጠኑ ንምርዳእ ኣብ ዝሕግዙ ኣገደስቲ ኣምራት።

**1. ማእቶት፡—**

ወዲ ሰብ ከም ሰብ መጠን ምእንቲ ክነብር ጥራይ ዘይኮነ፡ መነባብሮኡ'ውን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክናመሓየሽ ምእንቲ ክኸይድ ዘድልይዎ ነገራት ብውሑዱ ዝምገቦ መግብን፡ ዝኽደኖ ልብስን ዝዕቆበሉ ገዛን / ባዕሉ ክፈሪ ይግባእ። ነዚ ንምግባር ከኣ ብባዕሉ ዝሰርሖም ናውቲ ዕዮ ተሓጊዙ ንዕዮኡ ብዝተፈላለየ መልክዕ ኣብ ልዕሊ ተፈጥሮ የውዕል። በዚ ኣቢሉ ከኣ ንተፈጥሮ ንሱ ከጥቀመሉ ናብ ዝኽእል ነገራዊ ክብሪ ይቕይራ። እዚ መስርሕ'ዚ ብምልኡ ማእቶት ይበሃል። ማእቶት ማሕበራዊ ባህርይ ዘለዎ መስርሕ ደቂ ሰብ ኢዩ።

2ይ ክፋል ኣብ ቀጻሊ!